# ንምንታይ ውድብ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ-ባይቶ ንኽሓቅቕ ወሲኑ?

ፖሊቲካዊ ፓርቲ፡ ውልቀሰባት ሰባት ኣተሓሳሰባኣኦም ኣስሚሮም፡ ንዝደልዩዎ ህዝባዊ ስርዓተ ምሕደራ፡ ብሓይሊ ይኹን ብፍቶት ኣብ ልዕሊ ካላኦት ዘጋታቶም ብልዕሊነት ንምምሕዳር፡ ንምምራሕ ዝተአካኸቡሉን፡ ዝሰርሕሉን ስልጣናዊ መሳልልዩ።

እቲ ናይ ሓይሊ፡ ከም ኣብ ሃገርና ውሁብ ኮይኑ ዘሎ፡ መዋዳድርቲ ይኹን መማጉትቲ ዘይፈቅድ፡ ሃርጓፍ ፖሊቲካዊ ሰልፊ፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ባዕሉን፡ ንበይኑን ዝተጻዕነ፡ “ዒም ዝበለ ይተሓጎም።” ዝበትሩ መንግስቲ፤ ኢጋጣሚ ጥራሕ ዝማዕድዉ፡ በረኸት ኣምላኽ ዝረሓቐም፡ መንደልሓቕትን፡ ተበለጽትን፡ ጠለምትን ዓቀይቶት ተኸቢቡን፡ ተዓጂቡን ዝነብር ፖሊታዊ ሰልፊ ኸኸውን ኣንከሎ፤ እቲ ካልእ ፖሊቲካዊ ፓርቲ ግን፡ ማዕርነታዊ ሕጊ ኣብ ዝማእከሉ፡ ቅዋም ዝዋሕሱ፡ ንሃገር ይጠቅምዩ ብዝበሃል ህዝቢ ዝመረቖ እዉጅ መደባት፡ ሕጊ ዝጾሮ ንውሱን ዓመታት ኣብ ስልጣን ብምውጻእ፡ ንህዝቢ ኘኸገልግልን ከማሕድርን ምእንታን ብደምጺ ህዝቢ ዝቕባእን ዝኹብኮብን፡ ብድምጺ ህዝቢ እውን ካብ ስልጣኑ ዝናገፍ፡ ኣብ ውሽጢ ግሉጽነት ዝነብር ህዝባዊ መሳርሒዩ። ህዝባዊ ተሓላቕነት መቖሚኦምን መለይኦምን ስለ ዝኾነ ህዝባዊ ስነ-ሓሳባ ኣሎዎም። እዚ ስነ-ሓሰባብ እዚ እዩውን ብተወፋይነት ዘገልግሉ ኣባላት ብምምዕባል ህዝቢ ንምውካልን ንምምሕዳርን ዘበቕዕ።

ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ ኣብዚ ዝሓለፈ ዕዉት 6ይ ጉባኤኡ፡ ብድርብ ዓወት ዝቃላሕ ታሪኻዊ ውሳኔ፡ ዝሓለፈስ ሓሊፉዩ፡ ደጊም ካብ ሕጂ ንንዮው ንፓርትያዊ ቃልሲ መተካእታ የብሉን፡ ብምባል፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን፡ ንውድቡ **ኣሕቂቑ፡** ንዝበለጸን፡ ዝጸፈፈን እሞኳደኣ ዝለዓለን ቃልሳዊ ግጥሚያ፡ ብዘይነሓፍነት ምቅላዑዩ። ውድብና ዝበጽሖ ዘይክወል ሓቂ እንተደኣ ሃልዩ፡ ውድብ **ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ፡ ናይ ትማል ምንባሩዩ።** ንኹሎም ዝፈትዉዎ፡ ዝሕለቑሉ፡ ዝነቕፍዎ፡ ከምኡውን ንኽህሉ ዘይደልዩ፡ ብምድግጋም ብብሩህ ክረጋገጸሎም ዝደልዮ ሓቂ እውን፡ ውድብ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብዘይቃልዓለም፡ **ኣብቂዑዩ።** እወ! ንስለ ዝማዕበለ ኤርትራዊ ፖሊቲካዊ ጥምጥም፡ በብዘለኻዮ ትልኽ-ትልኽ ምባል ደጊም ኣኺሉዩ፡ እዩ ዝብል ዘሎ። እዚ ታሪኻዊ ውሳነዚ፡ ንኹሉ ኣብ ተቓውሞ ደምበ ዘሎ ምንቅስቓሳት ክብድህ እውን ይግባኦዩ። እሱ እዩ እቲ ክቕጽልን፡ ክዓሙቕን ዝግባኦ መፍትሕን፡ ማዕጾን ህዝባዊ ስልጣን።

እምበኣርከስ መማን ውድበይ ዝብሎ ዘሎ፡ ኣነ ንእቲ ታሪኻዊ ግንባራዊ ግጥምያ፡ ንስለ ሰላማዊትን፡ ማዕባሊትን፡ ክብርቲ ሃገረይ፡ ሓንሳብን፡ ንሓዋሩን፡ ኣብ ሕቕፎ ታሪኻዊ ቆፎኣ ኣውሒሰ፡ ምስኩሎም ኣብ ታሪኽ ዜሕመቑንን፡ ዜሕመቕኩዎምን፡ ክቡራት ኣሕዋተይን፡ ኣሓተይን፡ ኢድ ንኢድ ተጠማሚረ፡ ንዝማዕበለትን፡ ቅዋማዊትን፡ ማዕርነታዊትን፡ ጸረ-ድንቁርናን፡ ጸረ-ድሕረትን ብምዕጣቕ፡ ንብልጽግናን፡ ዕብየትን እትምርሽ ሃገር፡ ግንከኣ ውልቀ ተሞክሮታትናን፡ ብቕዓታትናን ዘቀላጥፎ፡ **ከምብሓድሽ** ፍሉይ ስርዒት ፌጢርና ንመርሽ እዩ። እወ! ብዘይኣፈላላይ ንኹላትና ብመትከል ዲሞክራስን፡ ሓባራዊ ዕግበትን ኣማእኪሉ፡ ምዕቡልን፡ ዘመናውን ፖሊቲካዊ ናውቲ ዝኾነ፡ ፖሊትካዊ ፓርቲ መስሪትና ዳግም ንኽንጣመርዩ። **ግን ዳግመ ስርርዕ ንስለ መጠናዊ**

ምምርዕርራይ ዘይከነስ፣ ብዘይካ ምልኪ ኣበር ዘይብሉ፣ ሓለፋ ዘይፈቅድ፣ ብኹሉን ካብ ኩሉን፣ ንኹሉን ዝኾነ፣ ካብ ሌጣ ባይታ "ሀ" ኢሉ ብምብጋስ፣ ንህዝባውነት ኣምሪሑን፣ ኣሰሊፉኙ፣ ተስፋ ህዝቢ ኣስኒቑን፣ ሰኒቑን፣ ብሳላ ቓልሲ ህዝቢ ጽባሕ፣ ጽባሕ ዝዓቢ፣ ማዕባሊ ፖሊቲካዊ ሰልፊ ንምምስራትዩ።

ከም ቅድመ ኩነት እንተዘይቶቐጺሩ እውን፣ እዚ እንደልዮ ዘሎና ቅዱስ ዕማም ክኾውን ይግባእዩ ንብል ኣሎና! ዝሓቅቕ ዘሎ ውድብና ዝነኣድ ተሞክሮን ታሪኽን እንተሃልዩዎ/ነይሩዎ፣ ንስለ ህዝቢዩ ነይሩሞ ደጊም ዋናኡ ህዝቢዩ። ዝብላዕ እንተነይሩዎ ንስለ ህዝቢ ይኅዝ። እንተ ብዛዕባ ኣሉታዊሞ፣ ወዮ መጻውርቲ ተረኺቡዎ፣ ሰብሲ ይትረፍ ማልና ከይተረፈ ዘለልያኦ፣ ኳዕነን ዝብል ዘሎ ኤርትራዊ ምልኪ፣ ደጊም እንታይ መሕብኢ ሃልዩ ኮይኑ።

ህዝባዊ ፍልልያትና ንቡርን ቅቡልንዩ። እንኳይዶ ኣብ ዝተፈላልየ ውድባት ሃሊኻስ ኣብ ሓደ ውድብ እውን ንስለ ለውጢ ክትፈላለን፣ ንፍልላይትካ ንኽተጽብብ ክትቃራረብን፣ ክትረሓሓቕን ንቡርዩ። ስለዚ እውን እንተስ ብውልቀ፣ እንተስ ብሓባር ምፍልላያት ዝጸንሐምን፣ ዝጸንሓናን፣ ብወገንና ዕድመ ናይዚ ተካል ምልኪዚ ንምሕጻር፣ ንሓዲሽን ኣድማዕን ምጥማራት ንኽንፍትሽ ምፍንጣሕ መሪጽና፣ ምስ ኩሉም ንስለ ዲሞክራስን ፍትሕን ዝሕለቑ ኤርትራውያን፣ መቃልስትን፣ መራሕትን ንኽኾኑና፣ ብግርህናን፣ ልውህናን እንማዕድወሉ ዘሎ እዋን ብምዃኑሞ፣ ብሰንኪቲ ዝሓለፍናዮ ውድባዊ ጥምረት፣ ይኹን ሕጊ፣ ሎሚን፣ ትማልን፣ ቕድሚ ትማልን ዝተፈላለናዮም፣ መንዮም ብዘየገድስ፣ ዳግማይ ሓድሕድ ተጣሚርና ምእንቲ ክንስጉም፣ ብብውልቀሰብ ወሪድና ሓድሽ ሕግን፣ ማእከልነትን መስሪትና ክንቃለስን፣ ክንመርሕን፣ ክንምራሕን ንህዝብና ኣብ ዝግባእ መሪሓዊ ኩርሲ ንክንመልሶ ተበጊስና ምህላውና፣ ኩሉ ደላይ ሓቅን፣ ፍትሕን ክርዳኦ ይግባእ። ሃገርና ኤርትራ ዕምቢባ፣ ድንቁርና ህዝባ፣ ኣብ ምምሓው ገጻ ንኽትስጉም ምእንታን፣ ውድብና ከም መዓርፎን፣ መበገስን፣ መንጠርን ኮይኑ ንኸገልግል ሓላፍ-ዘላፉ መድሚድናዮን፣ እጣጢሕናዮን ብምህላውና፣ ሃየ ኩሉ ደላይ ሓቅን ፍትሕን ይምለኮ፣ ይጠቐመሉውን።

ህዝብናን ንዝሓልፎ ዘሎ መሪር እዋናት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ካብ ጸቢብ ውድባዊ ረብሓን፣ ውልቃዊ ቅርሕንትን "ኣበይ ክበጽሓየን።" ብምባል ዘማዕዱ ኤርትራዊ ክህሉዩ ዝብል መደምደምታኳ እንተዘይብለይ፣ ሓላፍነትካ ዘንጊዕካ ብነሓፍነት ምምዕዳው፣ ብርግጽ ህዝባዊ ረብሓ ስለዘይብሉ፣ እቲ ህዝባውነት ንምውሓስ ክምስረት ዝድለ ዘሎ ፖሊቲካዊ ፓርቲ፣ ብቅድሚ ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ምዃኑዩሞ፣ ኤርትራዊ ኒሕ የድልዮ፣ ኤርትራዊ ዓቕሊ የድልዮ፣ ኤርትራዊ ብቕዓት እውን የድልዮ። ከምቲ ኣቦታት ዝብሉዎ፣ "ተመን ዝረኣየስ፣ ብልሕጺ ይደሃል።" ከይኮነና እውን፣ ንዝደሓሩ ክብገሱ ዝኽእሉ ፈተነታት፣ ግዜ ዝቖጠበ መምህር እምበር መሰንበዲ መእንታን እውን ንኸይከውን፣ እዚ ኤርትራዊ ፈተንዚ፣ ብኤርትራዊ ዓቕሚ ክሰብሕ ስለ ዝግባኦ፣ እንተስ ኢድ ብምሕዋስ፣ እንተገደደ ገደደ እውን ብማዕዶን፣ ብሓሳብን ምዕማቑ ሓልፍነት ናይ ኩሉዩ ዝብል እምንቶ ኣሎኒ።

ኣይመስለንን ኣነ፣ ንምዕዋቱ ስሩዕን፣ ዘይስሩዕን ኤርትራዊ ክቋመት። ኣባልነት ካልእ ውድባት ምዃን ከም ኣሉታዊ ቅድመተደላይነት ክግምገም። ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ብቕንዕና እንተተበጊሱ፣ ተወሳኺ ኅድናዊ ፈተሻ ጌሩ ዋላ እንተ ወሲዱዎ ፍጹም ክጽላእ ኣይግባኦን። ስልዚ እምበኣር፣ ኩሉ ኤርትራዊ፣ ስሩዕ

ውድብ ደኹን፣ ኣባል ሲቪካዊ ማሕበር፣ ስጋብ ሓባራዊ መትከላት ምጥርናፋቱ ዘይትሃስየ፣ ነዚ ቅዱስ ዕማምዚ ንምዕዋት ጸገም የምጽኣሉዩ ዝብል ግምት ስለዘይብለይ፣ ሓደራኹም ኢድንኢድ ንጣመረሉ እብል።

ውዳባት እውን፣ ክምዚ ናትና እዉጅ ውድብካ ምሕቃቕ ኣየድልየንንዩ እንተዘይበልኩ፣ ኣባላተን ናብዚ ኤርትራዊ ፈተነዚ ከሳትፋን፣ ከተባብዓን ክወርሳኦን ይግባኣንዩ ስለዝብል፣ ኤርትራዊ ሓላፍነተን ክስከማ እጽውዕ።

ንተጻባያይ ክልተ ዓመት ቀሊል እዋን ኣይኮነን። ብርግጽ እውን ነቲ ኣብ ትሕቲ ምልኪ ዝሳቐ ዘሎ ህዝብና መዋእልዩ። ስለዚ እውን፣ ድሕሪ ክልተ ዓመታት ንመስራቲ ጉባኤ ፓርቲ ክእቶ ኣሎዎ፣ ክንብል ኣንከሎና፣ እቲ ዝረሓቐ መዓቀኒናዩ፣ እንተተቐኻኢሉ፣ ጽባሕ እውን ክኸውን ኣይምጸላእናዮን። ስለዚ ንምቕልጣፉ ሓልፍነት ናይ ኩልና ኤርትራውያንዩ። እስከ ሓደራ ንተሓጋገዝሉ።

ዲሞክራስያዊት ኤርትራና ክትዕንብብያ!
ዝኽሪ ንስዉኣትና!
ፈጣሪ በረኸቱ ኣይንፈገና!

ሓውኹም ሃይለ፣ ወልዱ።
ሎንዶን።